ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን

تنظيم وحدة الإرتريين

ORGANIZATION OF ERITREAN UNITY

# መንግስቲ ኢትዮጵያ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝቐመሉ ሕግታት ከተኽብር ግዴታ ኣለዋ

ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ናጽነቱ ንምውሓስ ብ1961 ናብ ብረታዊ ቃልሲ ኣተወ። ድሕሪ ናይ 30 ዓመት መሪር ተጋድሎ ከኣ ብ1991 ነቲ ብብዝሑን ዕጥቁን ዝምካሕን ዘይሰዓር ዝመስሎ ዝነበረ ጸላኢ ብቐልጽሙ ደምሲሱ ናጽነቱ ዓተረ። ብመገዲ ህዝበ-ውከሳ ገይሩ ከኣ ሃገሩ ኣካል ሕቡራት ሃገራት ክትከውን በቒዓ እያ። ብምኳኑ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ-ቤት ክቡር ሂወታ ዝኸፈለትላ፣ ኤርትራ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ/ት ዜጋ ብጽሒት ምኳና ዘካትዕ ጉዳይ ኣይኮነን።

ታሪኽ እንተተወከሰና፣ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ኩለን እተን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ሕንጹጽ ዶባተን ሒዘን ዝተመስረታ ሃገራት እየን። እዞም ዶባት እዚኣቶም ብዓሌትን ካልእ ክብርታት ዘተኣሳሰሮም ኣሕዋት ዝኾኑ ኣህዛብ ዝፈላሊ ምኳኑ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ናይ ቅድሚ መግዛእቲ ዝነበረ ኩነታት ንምምላስ ዝፈጥሮ ጸገማት ብምርዳእ ናይ ሎሚ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ 1964 ኣኼብኡ ነቶም ብመግዛእቲ ዝተሰርሑ ዶባት ቅቡላት ገይርዎም ይርከብ። በዚ መሰረት እዘን ሃገራት እዚኤን ሕድሕዳዊ ልኡላዊ ሃገራዊ ህልውናኤን ብምኽባርን ምርድዳእን ይነብራ አለዋ።

ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር ምስ ኩለን ጎረባብትና ዘለዋ ሃገራት ዘሎዎ ታሪኻውን፣ ሕውነታውን፣ ዓሌታውን ዝምድናታት ብምኽባር ብሰላምን ምርግጋእን ክነብር እቲ ብቐዳምነት ዝሰርዖ ባህጉ ኢዩ። ብዋጋ ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራን፣ ሐድነት መላእ ህዝቢ ኤርትራን ብምጽራር ስዉር ዕላምኡ ከረጋግጽ ዝሓልም እንተልዩ ግን፣ ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ዘይመሃር ነቲ ናይ ቅድም ደም ምፍሳስ ዝዕድም ኣካል ጥራይ ኢዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፣ ብሚኒስትሪ ምክልኻልን ተወዲቡ 24 መስከረም ዝተኻየደ ዋዕላ፣ ብጉዳይ ሕቶ ውነና ወደብን ጸጥታ ባሕርን ኣመልኪቱ ዝተጋብኤ ዋዕላ፣ ብቀጻሊ ዝቃላሕ ዘሎ ናይ ዕዳጋ ምስጢር ኮይኑ ይርከብ። ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድን፣ ህዝብና ዘይፈልጦ ዝተበጽሐ ስምምዕ፣ ኢትዮጵያ ናይ ወደብ ክትረክብ ተጠቒሱ ነይሩ። ቀጺሉ ብኣብይ ኣሕመድ ከምኡ'ውን ካልኦት ዓበይቲ ሓለፍቲን ዝገልጽዎ፣ ኢትዮጵያ፣ ማዕረ'ተን ካልኦት ንቀይሕ ባሕሪ ዝጓየያሉ ዘለዋ ሓያላን ሃገራት፣ ሓያል እትኾነሉ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ጽልዋ ምስ ዝህልዋ ኢዩ ብምባል ክምድሩ ይርከቡ።

እቲ ዝያዳ ዘሕዝንን ዘተሐሳስብን ጉዳይ ፣ ስርዓት ኢሳያስን ጉጅልኡን፣ ኤምባሲታቱን ነዚ ብግሉጽ መራሕቲ ኢትዮጵያ ብውግዓዊ ኣኼባታትን ብውልቀን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ዋንነቱ መንዚዕና ዋናታት ቀይሕ ባሕሪ እንኾነሉ ምቹእ መድረኽን ግዜን ሕጂ ኢዩ ብምባል ውጥም ቅልቅል ዝብሉ ዘለዉ ዝኾነ ወግዓዊ መግለጺ ክቕርቡ ዘይምኻሎም ኢዩ። ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ እትዮጵያ ዘሎ'ውን መግለጺኡ ከቕርብ ኣይተራእየን። እቲ ከዳዕ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ'ኳ ነቲ ብገንዘብን ንብረትን ህዝቢ ኤርትራ ዘዕብዮ ዝነበረ ብርሃኑ ነጋ መልሲ ዘይምሃቡ፣ ምስ ርእይቶ ብርሃኑ ነጋ ከምዝረዓመ ዝሕብር ኢዩ። ብርሃኑ ነጋ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ብርሃኑ ነጋ ሓደ ካብቶም ብልዕላውነት ኤርትራ ዘይኣምኑ

ምኳኑ እናፈለጠ፣ ህዝብና ብጥምየት እናተሳቐየ ብገንዘብን ንብረትን ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ምንቅስቓሱ ኣንጻር ኢህወደግ ከካይድ ዝገበሮ፣ ዘይሓላፍነታውን ኣንጻር ልዕላውነትን ረብሓን ህዝቢ ኤርትራ ምንባሩ ብሩህ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ተቓለስቲ ንፍትሒ ድማ ብፍላይ ክንግንዘቦ ዘሎና፣ ከዳዕ ኢሳያስን ጉጅልኡን ንልዕላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘሳጥሐን፣ ንህዝብና ብፍላይ'ውን ነቲ ተካኢ ወለዶ ዘጽንት ዘሎን፣ ነቶም ንልዕላውነት ኤርትራ ዝደፍሩ ዘለዉ ከቃልሖም ከምዘይደሊ ክንግንዘብ ኣሎና። ከዳዕ ኢሳያስ፣ ነቶም ህዝብናን ደቅናን ክጥዕሞም ኢሎም፣ ብጅግንነት ቅያ ሰሪሖም ፈጺሞም ዝሓለፉን ዝሰንከሉን ዝጠለመ ጥራይ ዘይኮነስ ብጥይት ዝረሸኖም ክርሳዕ ዘይብሉ ገበን ኢዩ። ኢሳያስን ስርዓቱን ጸረ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን፣ ከም ሃገር ከኣ ጸረ ልዕላውነታን ኢዩ። ካብዚ ዝሰዕብ ነጥብታት ብምንቃል፣

1. ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ጉጅለ እሳያስን መራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያን እንታይ ስምምዕ ተበጺሑ ብዘየግድስ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሓብአ ስለ ዝኾነ ንጹግ ምኳኑ ብምስማር፣
2. ናይ ሎሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘቐመ ሕግታት ከተኽብር ግዴታኣ ምኳኑ ብምስትውዓል፣ ንግዴታኣ ዕሸሽ ብምባል ንዓንቀጽ 2/4 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ መግለጺታት በቶም ዝለዓሉ ሰብ-መዚ መንግስቲ ከውጽእ ንሰምዕ ብምህላውና፣
3. ንባሕሪ ኣፍደገ ዘይብላ ሃገር ካብን ናብን ባሕሪ ክትመሓላለፈሉ እትኽእል ኣገባብን መሰልን ኣለዋ። ንኣጠቓቕምኡ ዝምልከት ኣብ ናይ ባሕሪ ኣህጉራዊ ሕጊ ሰፊሩ ስለ ዘሎ ብእኡ መሰረት ክዝተየሉን ምርድዳእ ክብጽሓሉን ከም ዝከኣል ብምሕባር፣
4. እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ንከባቢና ሰላምን ጸጥታን ብዝገደደ መልክዑ ዝዘርግ ምኳኑ ብምጥንቃቕ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ኣብ ግምት ወሲዱ ከምቲ ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር ዓንቀጽ 33/1 ሰፊሩ ዘሎ ብሕግን ብዘተን ዝምድና ክፈጥርን ከደልድልን ብእኡ ገይሩ ድማ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ጸጥታን ክሰፍን ክሰርሕ ንጽውዕ።

ኣብ መወዳእታ ክንብሎ እንደሊ፣ ህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ መንጎ ጎረባብትናን አሕዋት ህዝብታት አገዳሲ ምኳኑ ዝኣምን ህዝቢ ኢዩ። ነዚ ብተደጋጋሚ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐርብ ዘሎ ሕቶ ምውናን ወደብን ኣፍደገ ባሕርን፣ ነቲ ንልዕላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘሳጥሐ ዘሎ ጉጅለ ኢሳያስ (ህግደፍ) ዝግደፍ ጉዳይ ከምዘይኮነ ብምግንዛብ፣ ንኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ ስለ ዘገድሰና፣ መላእ ሕብረተሰብአዊ ሓይልታት ኤርትራ ምስ ኩሉ ብዙሕነታዊ አቃውማኡ ሐቢሩ ክልዓል ንጽውዕ። ነዞም ደግሲ ሕማም ዝሓዞም ኢትዮጵያውያን፣ ነቲ ናይ ቀደም ደም ምፍሳስ ዝጠልቡ ፣ እንብሎ እንተሎ፣ ንሕና ጸረ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይኮናን። ኤርትራ ግን ምስ ኩሉ ዶባትን፣ ባሕራን ኣየራን ናይ ኤርትራውያን ኢያ።

ክብርና ክምለስ ሓቢርና ንቃለስ!!!

ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን

09-10-2023